# ዓቢ እስሪ ቤት ኮነት ኤሪትሪያና . . .

## ዝኽሪ 14 ሚያዝያ፡ “መዓልቲ እሱራት ኤርትራውያን”




ይሓልፍ ዶ ይኸውን . . .

እዚ ኹሉ ጭቑና ራዕዲ???

መንእሰይ ዶብ ክሰግር . . .

ክሃድም ካብ ውልቀ መላኺ

መሬትሲ ሓራ ወጺኣ ይበሃል . . .

ህዝብና ግን ተደሪሩ ግፍዒ!

ዓቢ እስሪ ቤት ኮነት ኤረትሪያና . . .

ሕጊ የለ ሰላም ማዕርነት ፍትሒ

*****

ይዝንቶ ዶ ይኸውን ሓኪፉ . . .

እዚ ኹሉ ግፍዒ መከራ ጭንቒ?

ነዚ ድዩ ነሩ እቲ ኹሉ . . .

ጀግንነት መስዋእቲ ቃልሲ???

እደ ደም ነቢዓ ብስቃይ . . .

ክትበኪ ለይቲ ምስ መዓልቲ

ሕድሪ ሰማእታትና ተጠሊሙ . . .

ሓርነት የለ መሰል ወላ ኽብሪ

*****

ውልቀ መላኺን ጭፍራ ህግደፍን . . .

ካብ ኮኑ መራሕቲ

ህዝቢ ተኣሲሩ ተገሪፉ ንዓመታት . . .

ክሳቐ ብዘይ ሕጊ ፍርዲ

ቆልዓ ኣይተረፈ ዓቢ ንኡሽተይ . . .

ሰብኣይ ኮነ ሰበይቲ

ምሕረት የውርደና  ካብ ፈጣሪ . . .

ክወግሓልና እዚ ድቕድቕ ጸላም ለይቲ

*****

ስዉኣትና እንተዝምለሱ . . .

እንታይ ኮን ምበሉ???

ስቓይ ህዝብና እንተዝሪእዩ . . .

ኣብ ገሃነም  ሰፊሩ ! ! ! . . .

መንእሰይ ጊላ ኣገልግሎት ኮይኑ

ሃጽ ኢሉ ክጠፍእ መሪጹ

መጻወድያ  ጭፍራ ህግደፍ ኮነት ኤረና

ዓዲ ተባዓት ተቓለስቲ . . . ዓዲ ጀጋኑ

*****

መንእሰይ ተበራበር . . . ተሰከም ሕድርኻ

ክሳብ መዓስ እዩ . . . ክትሃድም ጀጂካ

ንምልኪ ግጠሞ . . . መዓንጣኻ ሸጥ ኣቢልካ

ሓርነት ኣይርከብን እዩ . . . ዋጋ ከይከፈልካ

***

ሓቢርና ንቃለስ . . . ነቚሕና . . . ኣትሪርና

ኣብ መትከል ረጊጽና . . . ንሓርነት ህዝብና

ንመከቶ ንቃወሞ . . . ምልኪ ስርዓት ሓቢርና

እሱራትና ክፍትሑ . . . ፍስሃ ክትለብስ ሃገርና

## ዝኽሪ 14 ሚያዝያ፡ “መዓልቲ እሱራት ኤርትራውያን”

**14 April - Eritrea: Prisoners of Conscience Day**

14 April, 2017